# ጻዕርን ፋሕተርተርን፡ ውጽኢት ምህዞን ሰንዓን መንእሰያት፡ ኣመታቱ ኣብ'ቲ ዝንጸፍ ዘሎ እንዱስቱሪያዊ ገስጋስ ቀላሲ ተርኡን!

ብተወልደ ብእምነት፡

ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 5 ዓመታት ጥራይ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብሓፈሻ ኣብ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ዝኾነ ፍጡር ክጸወሮ ዘይክእል፡ ቀጻሊ ትንፋስ ዘይህብ፡ ኣወዳድብኡ ኣዝዩ እተራቐቐ፡ እተወሳሰበ ሜላን ብልሓትን፡ ከቢድ ወጻኢ ዝተሰልዖ ተልእኾ፡ ብምኩራት ኪኢላታት ስነ-ልቦና ዝምራሕን ዝእለን መርበብ፡ ኣብ ኤርትራዊ ሓንጎል ኸንጸላልው ዝጸንሐ ኣዕናዊ ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተ ክንገጥም ጸኒሕና።

ከም ሳዕበን ናይ'ዚ ሰራም ዘመተ'ዚ፡ ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ግዳያት ወራር ዝሑል ኲናት እኳ እንተኾኑ፤ ካብ'ቲ ተኣማሚና ዝፈለምናዮ ተባዕ ጉዕዞ ሃገራዊ ህንጸት ግን ክገትኣና ኣይከኣለን። "ዘንጊ ሓቅስ ትቐጥን እምበር ኣይትስበርን" ኮይኑ፣ ሳላ'ቲ ዘይክማህ መንፈስን ቅኑዕ ኣተሓሕዛ መንግስትና፡ ሳላ'ቲ ዓቃል ባህርያት መንእሰያትና፡ ጠመተኦም ምስ ኲነታት እናቓነዩ ጸኒዖም ሃገር ዘጽንዑ፡ ነቲ እተነጽፈሎም ቀታሊ መፈንጠሪያ ሰጊሮሞ፡፡ በቲ ክንዛሕ ዝጸንሐ ወረታት መኣዝኖም ከይሰሓቱ፡ ከም'ታ ገመል ምድረ በዳ፡ ኣብ ነዊሕ ጉዕዞ፡ ሰፍ ዘይብል ጽዕነት ኣብ ዝባና ጸይራ ነጻምእ እትሰግሮ፡ ብዙሓት ነቲ ጽልግልግ (ካምሲን) ሰጊሮም፡ ሎሚ፡ ኣብ'ቲ ዘይተርፍ ዕዉት ተልእኾ ምርግጋጽ ጉዕዞ ቀጠባዊ ሓርነት ቀጥ ኢሎም ወፍሮም ይቕጽሉ'ለዉ።

እቲ ግጥም ሓያል ነይሩ፡ ኣቓልቦ ኩሉ'ቲ ኣእምሮ ዝነበሮ ሰብ ናብኡ ዛዝዩ ብምጽናሕ፡ ነቲ ጽባቐ፡ ውሕልነት፡ ፋሕተርተርን ተበላሕነትን ናይ ብዙሓት ወራዙ ዜጋታት ግን፡ ከም'ቲ ዝግብኦን ዝኾኖን ኣየስተማቐርናዮን፡ እንተነበረ 'ውን ኣኻሊ ኣይነበረን። ነቲ ሓያል ኣስተዋጽኦ፡ ግርማን ምስሊ ናይ'ቲ ትእምርቲ ዝሰርሕ ዘሎ ማእገር ሃገር ዝኾነ መንእሰይ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ዝተሓላለኸ ኲነታት፡ ዝገብሮ ዘሎ ዓበይቲ ፍጻሜታት ናብ ግዳም ወጺኡ ክቃላሕ፡ ኩሉ ክፈልጦን ክመሃረሉን ዝግብኣን ዕድላት ተደሪቱ ጸኒሑ።

እዚ ኹሉ ሽርሒታት እናዘነበ ግን፡ ኣብ'ዛ ሃገር ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ ምህዞን ሰንዓን፡ ህርኩት መንፈስ ዘመንጭዉ፡ ሓያል ርእሰ-ምትእምማን እተቐነቱ፡ ቅያታት ከመዝግቡ ዝጸንሑ ከዋኽብቲ መንእሰያት ጸኒሖምን ኣለዉን። ነቲ ኣብ ሃገርና ክህነጽ ባይታ ዝዋደደሉ ዘሎ ሰፊሕን ምዕቡልን እንዱስትሪያዊ ክፋል ቀጠባና፡ መበገሲ ዝኸውን ትሕጃ ምህዞን ሰንዓን ናይ'ዞም ዜጋታት፡ ዘሎና ድልዱልን ድልዊን ዕቑር ሓይሊ ሰብ፡ ምስ ዘሎና ርግኣትን ሰላምን ኣብ ሓጺር ጊዜ ከመጽእ ዝኽእል ለውጢ ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን።

ነዚ ጽሑፍ'ዚ ከዳሉ ድርኺት ዝፈጠረለይ፡ ኣብ ሳዋን ካልእ ኣጋጣሚታትን ምስ ብዙሓት መንእሰያት፡ ኣብ ዓውደ ምህዞን ሰንዓን ዝነጥፉ፡ ንምርኢት ዘዳለውዎ ኣደነቕቲ ፍርያት፡ ብዝሑን ዓይነቱን ተዓዚበ፡ ምስ ብዙሓት ካብኣቶም ድማ ብቐረባ ከመያየጥ፡ ክሓትት ውሽጣዊ ሓይሎምን ራኢኦምን ክድህስስ ዕድል ረኺበ ኔረ። ሓደ ኣብ'ዞም ኣብ'ዚ ኣገዳሲ ዓውደ-ንጥፈት ዝዋሳእ መንእሰያት፡ ዕዉት ሽልማት ሶይራ 6ይ ፈስቲቫል ሳዋ 2014 ዳዊት ኪዳነ ኮይኑ፣ ካብ ኢድ ክቡር ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ፡ ሽልማት ክቅበል ዝበቕዐ፡ መራኸቢ ብዙሓን ሃገርና ኣቃሊሖምኦ ምንባረን እዝክር።



ብድሕሪኡ ብቀረባ ምስ ዳዊት ከዕልል ጊዜ መዲበ፡ ነቲ እተሸለመሉ ዘበናዊ ምህዞ ቀለም ውጽኢቱን ካብ ባህርያዊ ሓመድ፡(ፈኮስቲ ኣኻውሕ) ዝሓለፎ መስርሓት ክፈልጥን ክዕዘብን፡ ናብ'ቲ ዓድን ቦታን ዑደት ጌረ። ካብ ትዕዝብተይን ወግዕናን

ዝረኸብክዎ ሓበሬታታት፡ ምዕባለ ናይ’ቲ ጸሚዱሉ ዘሎ ገዚፍን ኣገዳሲን ዕማም፡ ዝሓለፎም ግድላት፡ ዘሎዎ መጻኢ መደባትን ብድሆን ኣዛራሪበዮ፡፡ ናብ’ቲ ቀለም ዝፈርየሉን ዝምስራሓሉን ስፍራ፡ ካብኡ ፍንትት ኢልካ ዘሎ ዝርግሐ ዓይነት ኣኻውሕ፡ መሳጢ ቅርጻ መሬት፡ በብዓይነቱ ዝሕብሩ ሓመድ ተዓዚብካ፤ ዳዊት፡ ነቲ ካብ ንእስነቱ ዝቋመቶ ዝነበረ ከባቢኣዊ ጸጋታት ድቂ-ሓሳባት ከማዕብል፡ ኣብ መንፈሱ ድርኺትን ሓይልን ክፈጥረሉ ከም ዝኽኣለ ንኽትርዳእ ኣይትጽገምን። ምስ’ቲ “ክገብሮ ኢየ” ዝብል ኒሕ ዘይዕጸፍ ድሌትን ዝተደመሮ ቀጻሊ ፋሕተርተር ድማ ኣብ ህይወቱን-ህይወት ስድርኡን ዘርብሕ ውጽኢት ሓፊሱ። ኣብ ህዝቡን ሃገሩን ድማ ዝነኣድ ኣበርክቶ ኣመዝጊቡ።





ኣብ ከተማ ድባርዋ-ዓዲ ሎጎ፡ ንሩባ መረብ ተቐኒቱ ዘሎ ስፍራ፡ ከባቢ ስማርዋ ዘሎ ሕብርን ዓይነትን ኣካውሕ፡

## “ እሾኽ ምስ ብልሓ ትፍጠር” ከም ዝበሃል፡

ዳዊት፡ ብንእስነቱ ወዲ 8 ዓመት ኣቢሉ ከኸውን እንከሎ ኢዩ ነቲ ኣብ ኣከባቢኡን ዝዓበየሉ ስፍራታትን ዝነበረ ጥረ-ነገራት (ዝተፈላለየ ሕብራዊ ሓመድ) መባእታዊ ክስተት ክስተብህልን ክሰርጾን ዝኸኣለ። ምስ መታዓብይቱ መዛንኡ ደቂ ከባቢኡን፡ ከብቲ (ጥሪት) ሒዞም ንብላዕ ሳዕሪ ናብ ከባቢ ስማርዋ ዝብሃል ስፍራ ንሓለዋ ክወፍሩ እንከለዉ፡ ንእግረ-መንገዶም ኣብ’ቲ ዝሓልፍሉ ዝነበሩ ቦታታት ዝነበረ ደቦቕቦቓ፡ ኣብ ኣእጋሮም ዝዓሰለ (ዝተጸየቐ) ሓመድ፡ ምሸት ቅድሚ ምድቃሱ፡ ኣእጋሩ ክሕጽቦ እንከሎ፡ ብቐሊሉ ተሓጺቡ ከምዘይለቅቕ፡ ገለ ቅብኣት ዘለዎ ሓመድ ምንባሩ እዝክር። ዓብዩ ክንዲ ሰብ ምስ እኸለ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ተግባረ-ኢድ ኣስመራ ናይ ክልተ ዓመት ትምህርቱ ብኣውቶ መካኒክ ዛዚሙ (Auto Mechanic) ተመሪቑ ወጸ። ምስ’ቲ ዝቐሰሞ ዓውደ-ትምህርቲ ዝኸይድ ስራሕ፣ ምስ ህንጻ ብድሆ፡ ሃገራዊ ኣገልግለቱ ክፍጽም ተመዲቡ ክሰርሕ እንከሎ ፡ ኣብ’ቲ እተመደበሉ ክፍሊ፡ ኣብ ጽገና ፈሓርቲ ማይ ሞተረታት ተዋፊሩ እናገልገለ፡ ካብ’ቲ እተን ሞተረታት ዝፍሕርኦ ዝነበረ ዓይነት ሓመድ፡ ካብ ዝተፈላለየ ዕምቖታት ናይ’ቲ ጎዳጕዲ ተፈርፊሩ ንላዕሊ ዝወጽእ፡ ዝተፈላለዩ ዝሕብሩ ጭቃታት ክዕዘብ ኪኢሉ። በቲ ኣጋጣሚ’ቲ ድማ ናብ’ቲ ኣብ ጊዜ ንእስነቱ ዝመሓላለፈሎም ዝነበረ ስፍራታት ዝረግጾም ዝነበረ ደቦቕቦቓ ዝኸሪ መለሶ። እንደገና ትዕዝብቱ ኣድህብኡን ከዕቢ፡ ሓደ ነገር ክገብር፡ ዳግም ክሓስብን ክመራመርን መንገዲ ከናድን ከኣ ኣኽኢልዎ።

## *“ሓደ ደረጃ ንላዕሊ ምስጓም፡ ምግጣም ንሓድሽ ግድል’ን ዕድል’ን ጌረ ኢየ ወሲደዮ”፡*

ነዚ ኣብ ጉዕዞ ህይወቱ ከዋህልሎ ዝጸንሐ ቁምነገራዊ ትዕዝብቲታት፡ ኣብ ኣእምርኡ ሓደ ግድል ከማዕብል እዩ ድሪኺት ፈጢርሉ። ነቲ ግድል ጸይርዎ ክጓዓዝ ሕልንኡ ኣየዋደቐን፣ ሓሳባቱ ሰሪዑ ውሽጣዊ ክእለቱ ፈቲሹ፡ ምርምራዊ ስርሓት ክፋሓትር፡ ስነ-ቅመማዊ መጻሕፍቲ ክገናጽል፡ ንሓደ ዓመትን መንፈቕን ሓያልን በዳህን ጻዕርታት ገጢሙ፣ ካብ ባህርያዊ ጥረ-ነገራት፡ ቀለም ከም ዝስራሕ ዝሕብር ክልሰ-ሓሳባዊ ሓበሬታን ፍልጠትን ደሊቡ። ካብ’ዚ ዘተባብዕ ርኽበት ፍናኑ ኣበሪኹ፣ ቀጺሉ ናብ ተደጋጋሚ ግብራዊ ፈተነታት ተሰጋጊሩ፡ ኣብ ዝጭበጥ፡ ዕዉት ውጺኢታዊ ርኽበት፡ ካብ ሓመድ ዘመናዊ ቀለም ከም ዝስራሕ ንነብሱን ንኸባቢኡን ኣእሚኑ።

*“ እቲ መንገዲ ብዙሕ ጻዕርን ሓርጎጽጎጽን ዝተነጽፎ ጉዕዞ’ዩ ኔሩ”*እብል፡

ብሓቂ ኸኣ ነቲ ካብ ዝተፈላለየ ምንጭታት ዝጠርነፎ ክልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠትን ሓበሬታን፡ ናብ ጭቡጥ ግብራዊ ትሕዝቶ ንምትርጓም፡ እቲ ዝቕመጠሉ ዝነበረ ኣከባቢ፡ መሳርሕን መሳለጢታን ኣብ ዘይርከቦ፡ ሕጽረት ንዋታዊ ትሕዝቶን ደሚርካ፡ እቲ ጉዕዞ ክኸብድ ግድን ኔሩ። ብተወሳኺ ነቲ ዘፍርዮ ቀለም ብዓይነቱ ብሉጽን ተወዳዳርን ክኸውን፡ ብሉጽ ጥረ-ነገር ምቕራብ ወሳኒ ምኽኑ ተገንዚቡ፡ ብጀካ ነቲ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ኣቀዲሙ ዝፈልጦ ዓይነት ሓመድ፡ ኣብ ካልእ ከባቢታት ተመሳሳሊ ወይ ዝበለጸ ዓይነት ሓመድ፡ ምህላውን ዘይምህላውን ንምንጽጻር ተፍትሽ ክገብር ካልእ ተወሳኺ ስራሕን ጊዜን ዝወስድ ኮይኑ፤ ነዚ ዳህሳስ ከሰላስል ባይታ ዝፈጠረሉ፡ ምስ ህንጻ ብድሆ ንሃገራዊ ኣገልግሎቱ እናሰርሐ እንከሎ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ሃገር ተዋፊሩ እናተንቀሳቐሰ፡ ንእግረ-መንገዱ ሰፊሕ መርመራታት ኣካይዱ። ብኡ መጠን ድማ ሰፊሕ መረዳእታ ከኻዕብትን፡ ነቲ ዘበገሶ ፕሮጀክት ዘገልግል ብቑዕ ዓይነት ሓመድ ኣለልዩ ንኽፈሊን ክፈልጥን ኣኽኢልዎ። ኮይኑ ኸኣ ኣብ መወዳእታ፡ ናብ’ቲ ናይ ጊዜ ንእስነቱ ዝፈልጦ ዝሓሸ ኾይኑ ስለ ዝረኸቦ ኣብኡ ተመሊሱ ጽዑቕ ምርምራዊ ስራሓት ከሰላስል ወሲኑ። ዘበናዊ ናይ ምርምር ላባራቶርን መተዓየዪን መሳለጥን ኣቕሑ ኣብ ዘይነበረሉ ከባቢ ከኣ፣ ባህላዊ ዘቤታዊ ኣቕሑ ክጥቀም ተበላሒቱ። መፍሓር ሓመድ፡ ኣፍራዛን ባዴላን፡ ነቲ ዝፈሓሮ ኩረት፡ መዳቐቒ ዝኾኖ መጉእ እናተጠቐመ፡ መንፊት ከኣ፡ ነቲ ዝተዳቐቐ ሓመድ መንፈዪ፡ ድሕሪ’ዚ ካብ ሓሪጫዊ (ደረቕ) ትሓዝቶ ናብ ጭቃዊ መልክዕ ክምስራሕ (ቢሒ.ቓዊ-መልክዕን ፈሳስን ንምልዋጡ) ጽሩይ ማይን መለሲ ገረወኛን፡ ንመላማለሚን መቃጥንትን (ናብ ፈሳሲ መልክዑ ንምትሓዝ) ታኒካታትን፡ ዓይነት ብልሓታት እናተጠቐመን እናዘውተርን፡ ኣብ መወዳእትኡ፡ ድሕሪ ሓያል ጻዕርን ጥንቁቕ ስነ-ፍልጠታዊ ፈተነታት፡ ብዘቤታዊ መተዓየዪ፡ ብልክዕ ነቲ ዝተለሞን ዘበገሶን ክልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠት፡ ናብ ግብራዊ (ሳይንሳዊ) ስነ-ፍልጠታዊ ስጋ ኣልቢስዎ።

*“ብጀካ እዚ ኣቀድም ኣቢለ ከዋግዓካ ዝጸናሕኩ ኮርኳሕ፡ ካልእ ተጽዕኖ ተደራቢ ብድሆታት፡ እውን ገጢመ ኢየ” ይብል፡*

ናብን ካብን እቲ ናይ ሓመድ ምርምር ዘካይደሉ ዝነበረ ስፍራ ክመላለስ ዝረኣይዎ ሰባት፡ ነቲ ዕለታዊ ኣብ መንክቡ ተሰኪምዎ ዝሽይድ ዝነበረ ኣቕሑ፡ ንሓመድ መመላለሲ ዝኾኖ ሳንጣ፡ ዝኽደኖም ዝነበረ ኣልባሳት፡ ብሓመድን ደሮናን ዝተሓዋወሱ፡ ብርሃጽ ዝጨቀወ ብምንባሮም፡ ብተደጋጋሚ ንነዊሕ እዋን ዝቖጸለ ተርእዮ ንእተዓዘቡ፡ ደቂ-ዓዲ፡ ዓቢኦም ንእሽትኦም መዛረቢ ኣርእስቲ ኮይኑ ኔሩ። ነቲ ኣካይዳኡን ኩነታቱን እንታይ ይሰርሕ ከም ዝነበረ ብልክዕ ክርድኦም ኣይከኣለን። ወግሐ-ጸብሐ ንዓመትን መንፈቕን ብዘይምቁራጽ (እንትርፎ ብስራሕ ዝንቀሳቐሰሎም መዓልታት) ንሃለዋቱ ዝተኸታተሉ፡ ምስ ምስሓት ኣእምሮን ሕማም ጎንፍን ኢዮም ኣተኣሳሲሮሞ። ብጀካ እቲ ብትሒም-ትሒም ዝዕለል ዝነበረ ሕሜታ፣ ገለ ግዱሳትን መቕርብ ቤተ ሰብ፡ ብተገዳስነት እናተመላለሱ ዝሓቱ፡ ብዛዕባ ኩነታት ጥዕንኡ ንኽፈልጡን፡ ንጥዕንኡ ዝጠቅም ምኽርን ርእይቶታትብ ዝህቡ’ውን ነይሮም። እቲ ዕላላት ብብዝሒ ምስ ተደጋገመ ግን፡ እምነት ወለዱ ክጎድል፡ ስግኣትን ስክፍታን ከንጸላልዎም ኺኢሉ ኢዩ። ኮይኑ ግን፡ ነቲ ሒዝዎ ዝነበረ ዓቢ ጉዳይ፡ ከም’ቲ ሰባት ዝብልዎ ዘይኮነስ፡ ብምሉእ ኣፋልጦን ጥዕናን ዘካይዶ ዘሎ ዕማም ምንባሩ፡ እቲ ዘድሊ ፈተነታትን ምርምርን ወዲኡ፡ ፍረ-ጻዕሩ ክሓፍስ፡ ኣብ ደረጃ ምፍራይ ቀለማት እመጣጠር ከም ዘሎ ንወለዱ ኣረጋጊጽሎም።





(ዳዊት) ነቲ ካብ ፈኮስቲ ኣካውሕ ዝፈሓር፡ ንቅብኣታዊ ትሕዝትኡ፡ ብኢዱ ረፍቲቱ መገለጺ እናሃበ፡

## (ወርቂ ኣስተሊኒ) ስልማት ኣደ ዝቐንጠጠ ምህዞ-ባህጊ ውልድ ክውን ዝገበረ ለውሃት!

“ሓድ ንግሆ፡ ኣደይ መጺኣ፡ ነቲ ኣብ ክሳዳ ዝነበረ ወርቂ ኣስተሊኒ፡ ካብ ማዕተባ ኣምሉቕ-ኣምሉቕ ኣቢላ፡ ኣብ ቅድመይ ዝነበረ ጠረቤዛ ተቐምጦ እሞ፡ እንህልካ ውሰዶ ነቲ ዝወጠንካዮ ስራሕ ኣብ መፈጸምትኡ ኣብጽሓዮ ትብለኒ” ይብል ዳዊት። ስልማት ኣዲኡ ቀንጢጡ ክሸይጥ፡ ከቢድዎ ቀባሕባሕ ክብል ምስ ረኣየቶ ድማ፣ ኣስዒባ “ኣልዕሎ ኣጆኻ....ውሰዶ..፡ ከምʼዚ ዘበን ኣምጽኦ ንግዳም እንተትኸድይ ኔርካ እኮ፡ እንታይዶ ግዲ ክገብር ኔረʼየ?” ክትብል ነቲ ኸቢድዎ ዝነበረ ጾር ዘፍኾስ ተወሳኺ ዘረባ ደጊማ ምስ ኣተንብህትሉ ድማ፡ “ከልዕለን ኢደይ ወስ ኣበልኩ፡ ገጽ ኣደይ እናተቛመትኩ ኸኣ ብውሽጠይ፡ ከይፍሸል፡ ኣደይ ከየጉሂ፡ ሙብጽዓ ኣተኹ” በለ። ከምኡ ኢሉ ከዋግዓካ እንከሎ ኣብ ውሽጥኻ ዝምዕብል ነገር፣ እታ ዝፈጠረት ኣደ ንዕውን ንፈጠራዊ ጥበቡን ዝፈጠረት ወላዲት ኮይኑʼዩ ዝስምዓካ። እብʼቲ እዋንʼቲ፡ ገንዘብ ንመንቀሳቐሲ ዝኸውን ዝሓርበቶ ሰዓት ኮይኑ፡ ዝያዳ ክጽዕት ድማ ተወሳኺ ሓይሊ ሂብዎ።

*“ክሳብ ሕጂ ዝኸድክዎ መንገዲ፡ ከም ቀዳማይ ጉዕዞ ቅልስ፡ ሓያል ባዕለይ ዝኸእሎ ተበላሒተʼየ ሲዒረዮ፡ እቲ ዝተርፍ ካላኣይ ምዕራፍን መዛዘሚ ጉዕዞይ ናይʼቲ ዘንቀልክዎ ፕሮጀክት ኣብ መዓልቦ ክበጽሕ ግን፡ ናይ ካልኦት ሓገዝ ከድልየኒ ናይ ግድን ኔሩ”*

---



መፍረ ቀለማት እተደኮነሉ ስፍራ



ሓምድ እትጥሕን ዘበናዊት ማሽን

ዘበናዊ ቀለም፡ ካብ ኣኻውሕን ሓመድን ኣፍርየ፡ ኢልካ ሰባት ከተእምን፡ ምስʼቲ ኣብ ዕዳጋ ክዝውተር ዝጸንሐ ዝተለምደን፡ ብዝተፈላለየ ከሚካላት ዝተመስርሐ፡ ክዋዳደርን ብቕዓቱ ከተመስክር፡ ብብዝሒ ኣፍሪኻ ናብ ዕዳጋ ከተቕርብ፡ መበገሲ ዝኸውን ማል ምርካብ፡ ካልእ ነብሱ ዝኸኣለ ግድልʼዩ ነይርዎ። ዳዊት፡ ኣብʼዚ ወሳኒ ካልኣይ መድርኽ ብድሆ ክገጥም ዘኽእሎ ተመክሮታት፡ ከም ኩሎም ካልኦት ተቓለስቲ ነብሱ ሃኒጹን ኣማዕቢሉን ተሳሒሉ ስለ ዝወጸ፡ ነቲ ዝጸበዮ ጉዕዞ ብተስፋ ኢዩ ኣትይዎ። ፍርያቱ ቅድሚ ናብ ዕዳጋ ምውራዱ፡ ኣብ ሃገርና ዝርከባ ቀለም ዘፍርያ ትካላት፡ በቲ ዝጥቀማሉ ዘመናዊ መመርመሪ መለክዕን ላባራቶሪ ዝግባእ ፈተነ ተጌርሉ፡ ስነ-ፍልጠታዊ ብቕዓቱን ጽርየቱን ኣመስኪሩ። ኣብ ከባቢያዊ ጽልዋ ክህልዎ ዝኽእል ሳዕቤናት ምክትታል ዝገብር ኣካል መንግስቲ እውን፡ እቲ ዝግብኦ ተፍትሽ ጌሩ፡ ብልጫ ዘለዎ ፍርያት ምዃኑ ኣረጋጊጹ፡ ኣብ ዕዳጋ ክዝርጋሕ ወግዓዊ ፍቓድ ክረክብ ዘኽእሎ መስርሓት ኣጻፊፉ፣ ዘባዊ ምምሕድዳር ብወገኑ፡ ነቲ ዘፍረዮ ምህርቲ ግብራዊ ፈተነ ጌሩ፡ ንጥረ-ነገር ዝጥቀመሉ ናይ ስራሕ ቦታ ክወሃቦ ፈቒድሉ።



እዚ እንዕዘቦ ዘለና፡ ብማሺን ተዳቒቑን ተጣሒኑን ዝተዳለወ ጥረ-ነገር (ሓመድ)

እቲ ዘፍረዮ ቀለማት ኣብ ህንጻዊ ስርሓት ጥራይ ተወሲኑ ዝተርፍ ዉጽኢት ቀለም ዘይኮነስ፡ ኣብ ቤት ማሕተም ዘገልግል ሕብሪ ቀለማት ዘዛንቕ ፍርያት፡ ኣብ ፋብሪካ ዓለባን ኣጫርቕን ክዝውተር ዝኽእል ሕብርታት እውን ዘጠቓለለ ሃብታም ኣበርክቶ ዝህብ ምዃኑ ተረጋጊጹ ኣሎ። እዚ ከም'ቲ ኣብ መእተዊ ኣርእስቲ ዝተጠቕሰ፡ ሰፊሕን ዓብን ኣበርክቶ ኣብ ኢንዱስሪያዊ ዕብየት ሃገር ኣስተዋጽኦ ዝህብ ምህዞ ኢዩ። ነቲ ብናይ ወጻኢ ባጤራ ዝኣቱ ዝነበረ ጠለብ ቀለማት ሃገርና እውን መብረ ክኸውን፡ ብምጡን ዋጋ ንተጠቀምቲ ከም ዘርብሕ፡ ጠለባቱ ከም ዝዓቢ ዘካትዕ ኣይኮነን።





ክሳብ ስሉጥን ምዕቡልን መብዓጢ ማሽን ዝርከብ፡ መብዓጢ ዘገልግል ጥስቲ፡ ኣጋንእ ንመከፋፈሊ ቀለማትን፡



ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ሃገርና ክሃልኽ ዝጸንሐ ዝተፈላለየ ሕብርታት ኸርሽ ሰሌዳ ኣብ ምፍራይ ተወሳኺ ኣኻእሎ ዝሕብር፡ ንግዚኡ ብዱሩት ዓቕሚ ንመርእዩ ዝተዳለዉ እውን ንእግረ-መገደይ ኣስተብሂለ።

ድሕሪ’ዚ ኹሉ ዓመታት፡ እቲ ብሓያል ኒሕ ዝመረሸ ፍጡር፡ ልዕሊ’ቲ ኣብ ምድረ በዳታታት ኣፍሪቃን ሲናይን ንምስጋር ዝተሓተ ጸዓት ኢዩ ክኸፍል ተሓቲቱ፡ ክትብል ኢዩ ዘድፍር። እቲ ውጽኢት ህይወት ዝዘርእ ነባሪ ሓወልቲ ክኸውን እንከሎ፡ ውጽኢት ናይ’ቲ ሓደ ግን ህይወት ሰባት ዝበልዕ ክሳራ’ዩ። ንጥበብ ኣብ ስግር ባሕርን ውቅያኖሳትን ተመጣጢሩ ዘይኮነስ፡ ካብ’ቲ መዳሕንቱ ዝተቐብረሉ ቅዱስ ሩባታት ዓዱ’ዩ ረኺብዋ። ንሃገሩ ዓቢ ኣበርክቶ ኣመዝጊቡ። ንኻልኦት መንእሰያት ከኣ መምሃሪን ኣብነታውን ። ዳዊት፡ ኣብ መወዳእታ ኩሉ ግድላት ሰጊሩ ጻማ ጻዕሩ ዓቲሩ። ሰባት ክልተ ጊዜ ተዛሪቦም። ሎሚ እቲ ዘፍረየ ቀለማት ተፈላጥነቱን ተቐባልነቱን ተረጋጊጹ፡ ጠለባቱ እዓብይ’ሎ። በቲ ዘፍረየ ቀለማት ዝተቐብአ ዉቁብ መንግስታዊ ትካላትን መንበሪ ኣባይትን ድማ ብካሜራይ ዝሰነድክዎ ኣሳእል እንሆ።



እዚ ጸጋማይ ህንጻ ኣብ ማእከል ከተማ ንግዳዊ ትካላት፡



እዚ ብየማን ዘሎ ድማ ናይ ውልቀ መንበሪ ኣባይቲ፡

ኣብ’ቲ ቅዱስን ዕውትን መኣዲ፡ ዝተሓባበርዎ ትካላት፡ ኣካላትን ውልቀ-ሰባትን ብልቢ የመስግን። ልዕሊ ኹሉ ድማ ንሃማመተኤ ንክፍሊ ንኡስ ለቓሕ ብዝረኸቦ መበገሲ ሓገዝ፡ ምኽርን ሞራልን ልዑል ምንባሩ ኢዩ ዳዊት ዕላሉን ሓበሬትኡን ዝዛዝም።

ኣብ መደምደምታ ጽሑፈይ ከዘኻኽሮ ዝደሊ፡ እዚ ዕዉት ጉዕዞ ናይ’ዚ መንእሰይ’ዚ፡ ጉዕዞን ዓወትን ናይ ኩሎም፡ እቶም ኣብ’ዚ ዘሐብን ዓውደ-ንጥፈት ዝረጋረጉ ዘለዉ፡ ቅያዊ ተወፋይነትን ዛንታን’ዩ። ኣብ’ታ ናቱ ኣበርክቶ ኣድሂበ ክጽሕፍ ዝፈተንኩሉ ምኽንያት፡ ምስ ዳዊት ኣስፊሕና ከነዋግዕ ኣጋጣሚ ስለ ዝተረኸበ ጥራይ ኢዩ።

ብምትሕሓዝ፡ እዚ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ዘተስፉ ደረጃን ብራኸን፡ ፍረ ናይ’ቲ ቅኑዕ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ፣ ንኹሉ ዜጋ ብምዕሩይ መንገዲ ዘተኣታተዎ ሰፊሕ ዝዝርገሐኡ ዕድላት ትምህርቲ፡ ኣብ ምምዕባል ሞያዊ ዓቕሚ ሰብ ከሰላስሎ ዝጸንሐ ዓቢ ወፍሪ ውጺኢት ናቱ ኮይኑ፤ መንእሰያትና ካብ’ቲ ዝቐሰምዎ ፍልጠት፡ ኣብ’ተን ኮለጃት ዝፈርን ዝህነጽን ዘሎ ብሉጽ ሓንጎል ምህዞን ሰንዓን፡ ካሕሳ ናይ ትግሃቱን በረኸት ዜጋታቱን ኢዩ። ተራ ናይ’ዞም ኣብ ወጻኢ እንርከብ ዜጋታት ድማ፡ ኣብ ጎድኒ ህዝብናን መንግስትናን ኴና ዘሰላሰልናዮ መኸተ ክንቅጽሎ፤ ናብ’ቲ እንኣትዎ ዘሎና ሓድሽ ፖለቲካዊ መድርኽ፡ ኣብ’ዚ ዝቀላቐል ዘሎ ዓቢ ሃገራዊ ገስጋስ፡ ማዕረ ማዕረ’ዞም መንእሰያት ተሰሊፍና፡ ነቲ ብሕታዊ ክፋል ዋኒን ቁጠባዊ ሃገርና ተወሳኺ ሓይሊን ድፊኢትን ንምሃብ፡ ነፍሲ ወከፍና ክንጽበዮ ዝጸንሐ፡ ንኹላትና ዘርብሕ መጻኢ፡ ባህጊ ኩላትና ስለ ዝነበረ፤ ጻዕርን ፋሕተርተርን፡ ውጽኢት ምህዞን ሰንዓን መንእሰያት፡ ኣመታቱ ኣብ’ቲ ዝንጸፍ ዘሎ ኢንዱስትሪያዊ ትንሳኤ ቀላሲ ተርኡ ደንፊዑ፡ ኣብ መዓልብኡ ከነብጽሖ፣ ሃየ ንሻሞ...ንሻሞ...ዝበሃለሉ ወቕቲ እቀላቐል ኣሎ’ሞ ንዳለወሉ።

ዓወት ንሓፋሽ!!